ሕቶ ዶ ምዕዶ
ብጠላማት ሪኺብና ጋዶ
ካብ ሕድሪ ስዋኣቱ ዘይጠለመ
በርሀ ዑቁባዝጊ ሃገር ጀርመን

ንወነንቲ መስከርም እስከ በልዮም ካሓተኩምዶ
ጀማሪት ብረታዊት ቃልሲ ምኹነይ ትፈልጡዶ
ሽመይ ጠላማት ክትጥቀሙሉ ጋዶ እዩ ጋዶ።

ጥርናፈ እንተሰምዑ ቀልቦም ዝጠፍኦም
ድሕሪ 81 ምሕዝነት ተፈጢሩ ዘሪኩም
ሕጂ ካኣ ኪዳን ክብትኑ ድቃስ ሲኢኖም።

ካብ ዩንቨርይቲ ኣስመራ ይኹን ካብ ዓዲ ኣምሓራ
ካብ ዝተፋላለያ ኮሎጃት ኢቲዮጵያ ይኹን ኤረትራ
ተሰሊፎም ክበታትኑ  ንጀብሃ ኣደ ሰውራ።

ብንሕናን ዕላማናን ተሰሪየም ተጸንቢሮምና
ሙሁራት ስለ ዝኾኑ ኮይኖም ካድራትና
ንሳቶም ግን ማዓስ ነርዎም ጥዕና
ቲፎዞ ህዝባዊ ሓይልታት ገሮምና

ተሞኲሮ ሙኩራት ተጋደልቲ ምስማዕ ኣቢና
ብኣስተምሁሮ ፕላስ ዋን ቱ ስሪ ፎር ሰኺርና
ጀብሃዊያን ተመሲሎም ኣትዮም ኣብ ሞንጎና
ፋሕ ብትን ኣቢሎማ ንተሓኤ ውድብና
ገለ ናብ ግንባር ገለ ንስደት ኣምሪሕና

ሓራ ዘውጻእናዮ መረትና ገዲፍና
ካብ ኣፍ ደገ ኣስመራ ዶብ ሰጊርና
ደም እንዳ ጣዓመና ተሰዲድና።

ኣብ ስደት  ምስ ቀጸልናዮ ቃልስና
ከም ሕልሞም ሰለ ዘይሓቐቕና
ሰዒቦም ኣሰርና መታን ከሕቁቁና
እንዳ በሉ ንሕና ኢና ንምምራሕ ብቓዓት ዘለና።

ናይ ትማሊ ፕላስ ዋን ቱ ስሪ ፎር ኣጋንንቲ
ናይ ሎሚ ዶኩቶራት እባ ፈላጣት ባሃልቲ
ተቓወምቲ መሲሎም ናይ ህግደፍ ተኻላኸልቲ።

 ዋላ ውን እንተበሉ ላዕሊ ታሕቲ
ዲል ከይሃብና ንጠላማት ፈላለይቲ
ተዳሊና ኣሎና ኣብ ሃገራዊ ዋዕላ ክንዝቲ                    ብዘይ ኣፋላላይ ናእሽቱ ምስ ዓበይቲ።

ምፍንጫል ይወገድ ንኹን ሓንቲ ዋልታ
ንሃገራዊ ሲኒት ይብሉን መተካእታ
ዓዲ ጀጋኑ ካዓስሎ ናይ ሓጎስ ዕልልታ

ዲል ኣይንሃቦም  ንርእሶም ዘሓመሙ
እኒ ወነንቲ መስከረም ጠቕሞም ዘቐድሙ
ኣስላም ክስታን ክፈላልዩ ዝተሸሙ።

እዚ እዩ ነሩጭሮሐና
እዚኦም ኢዮም ነሮም ካድራትና
ድሕሪ ሕጂ ዕድል የብሎምን ክፈላልዩና
ሎምስ ፈተውትናን ጸላእትናን ኣለሊና ኢና።
ንዓና ዝኸውን ሩሑስ ባዓል ትንሳኤ ይግበረና

ኣሜየን።
ዓወት ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝቢ ኤረትራ
ክብርን ሞጎስን ንጀጋኑ ስዋኣትና
ኤረና ንለብዘበን እንበር ንዓመታስ ሸዊት ለምለም
ዕንወት ንጃንዳ ህግደፍን ዓንገልቶምን
3 ´´ሚያዝያ